# ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

# ቢሮ ልምዓት ከተማ፤ንግድን ኢንዱስትሪን

ኣብ 12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ነበርቲ ናይ መንበሪ ገዛ ተጠቀምቲ
ንምግባር ኣተዓዳድላ ቦታ ኣመልኪቱ ዝወፀ

“መምርሒ ዓርሰ ሓገዝ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር”

ሕዳር 2009 ዓ/ም
<u>መቐለ</u>

## መእተዊ

መንግስቲ ናይ ዜጋታት ናይ ልምዓት መንበሪ ኣባይቲን ኣቕርቦትን ተግባራዊ ንምግባር ናይ ከተማ ቦታ ብሊዝ ንምሓዝ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 721/2004 ብምደባ ዝፍቀዱ ቦታታት ዓንቀፅ 12 ብዘቐመጦ ድንጋገ መሰረት ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ሕ/ስ/ ማሕበር መንበሪ ኣባይቲ ንምክያድ እቲ ከይዲ ግልፅነትን ተሓታትነትን ብዘለዎ ኩነታት ንኽምራሕ ብመንግስቲ ዝተቐመጡ ናይ ኣፈፃፅማ ኣንፈት ብዝድለ መንገዲ ተግባራዊ ንክኸውን ኣድላይ ኾይኑ ብምርካቡ፤

ኣብዚ መምርሒ ተጠቃሚ ክኸውን ንዝደሊ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ካብ ኣታዊኡ ብምቑጣብ ዘለዎ ናይ መንበሪ ፀገም ንምቕራፍ ንክኽእል እቲ ምዝገባ ቁጠባ መሰረት ዝገበረ ንክኸውን ስለ ዝተኣመነሉን፤

ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ዝነብሩ ደለይቲ መንበሪ ገዛ ክውደቡ ኣብ ዝቐርብሉ እዋን ከማልእዎም ዝግባኡ ቅድመ ኩነታት ኣቐዲሞም ንክፈልጥዎ ብምግባር ብዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝካየዱ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ፕሮግራም ሕ/ሰብ ካብ ዝገብሮ ፃዕሪ ብተወሳኺ ብመንግስቲ ብዝግበር ድጋፍ ናይ መንበሪ ገዛ በዓል ዋና ንክኸውን ብምግባር ፍትሓዊ ናይ ሃፍቲ ክፍፍል ክህሉ ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ፣

ቢሮ ልምዓት ከተማ ንግዲን ኢንዳስትሪን ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ ቢሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቦታ ከተማ ብሊዝ ንምምሕዳር ተመሓይሹ ዝወፀ ቁፅሪ ደንቢ 76 /2005 መፈፀሚ መምርሒ ናይ ምውፃእ ስልጣን ብዝሃቦ ድንጋገ መሰረት እዚ መምርሒ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

### ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ መምርሒ ን12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ዘገልግል "መምርሒ ዓርሰ ሓገዝ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር " ቁፅሪ 3/2009 ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

### ዓንቀፅ2. ትርጉም

ናይ ቃል ኣጠቓቕማ ካሊእ ትርጉም ተዘይተዋሂብዎ ኣብዚ መምርሒ ውሽጢ፤

1. "ክልል" ማለት ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት እዩ፣
2. "ቢሮ" ማለት ቢሮ ከተማ ልምዓት ንግድን ኢንዱስትሪን ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ'ዩ፣
3. **"ሕብረት ስራሕ"** ማለት፥ ሰባት ብድሌቶም ኢኮኖሚያዊን ማሕበራውን ፀገማቶም ብሓባር ንምፍታሕ ዝምስርትዎ ዲሞክራስያዊ ብዝኾነ መንገዲ ዘመሓዳድርዎን ማሕበር እዩ።
4. **"ሕብረት ስራሕ ማሕበር መንበሪ ገዛ"፥** ማለት ነበርቲ ከተማ ብዝነብርሉ ከባቢን ኣብያተ ፅዮን ብድሌት ተኣኻኺቦም ገንዘቦም፤ጉልበቶምን መሳርሒታቶምን ብምውዳድ ብሓባር ዘጣይሽዎ፤ዲሞክራሲያዊ ብዝኾነ መንገዲ ዘመሓድርዎን ፀገም መንበሪ ገዛ ዝፈትሕሉን ማሕበር እዩ።
5. **"ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ሕብረት ስራሕ ማሕበር"፥** ማለት ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ህዝቢ መንበሪ ገዛ ንምስራሕ ዝውደቡ ኮይኖም በዓል ሓደ ደብሪ ናይ ሓባር ህንፃ ብጉልበቶም እውን ዝሳተፉ ኣባላት ዝሓዘ እዩ።"ዓርሰ ምትሕግጋዝ " ማለት ብዓርሰ ምትሕግጋዝ ዝስራሕ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ እዩ።
6. **"ዕፁው ሒሳብ"፥** ማለት ናይ ዓርሰ ሓገዝ መንበሪ ገዛ ንምስራሕ ብሕብረት ስራሕ ማሕበር ዝውደብ ዝኾነ ይኹን ውልቀ ሰብ ተጠቃሚ እቲ ፕሮግራም ንምኳን ዘኽእል ብቐዳምነት በቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ሽም ዝኽፈት ዘይንቀሳቐስ ሒሳብ ዝቕመጠሉ እዩ።
7. **"ክልል ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ"፥** ማለት ብማሕበር ዝተወደቡ ኣካላት ብዝሓተትዎን ብመሰረት ዝህልዎም ህንፀት ኣባይቲ ንምክያድን ንምርካብን ናይ ምምካርን ምድጋፍን ፍቓድ ዝተውሃበን ብመንግስቲ ዝተጣየሻ ወይ ዝጣየሻ ትካል ልምዓት ኣባየቲ እዩ።
8. **"ወዳቢ ኣካል"፥** ማለት ናይ መንበሪ ገዛ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንምውዳብን ንምምዝጋብን ስልጣንን ሓላፍነትን ዝተውሃቦ ኣካል ወይ ድማ ንዚ ፕረግራም ንምፍፃም ክበሃል ንክውድብ ውክልና ዝተውሃቦ ኣካል /ትካል የጠቓልል
9. "ሰብ" ፥ ማለት ናይ ተፈጥሮ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃቦ ኣካል እዩ።

10. **"ባንኪ"፥** ማለት ሰሩዕ ናይ መንግስትን ናይ ውልቀን ገንዘባዊ ትካል ከምኡ እውን ኣፍልጦ ዝረኸበ ማይክሮ ፋይናንስን ዝሓወሰ ይኸውን።

11. **"ቦታ ከተማ"** ፥ ማለት ኣብ ውሽጢ ብፕላን ከተማ ዝተኸለለ ወይ ብምምሕዳራዊ ውሳነ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ከተማ ዝርከብ መሬት እዩ።

12. "ከተማ:፥ ማለት ምምሕዳር ከተማ ወይ ኣፍልጦ ከተማ ዝረኸበት ዕሸል ከተማ ማለት እዩ።

13. **"ዓበይቲ ከተማታት"፥** ማለት ናይ ከተማ ምምሕዳር ስልጣን ዝተውሃበን ኮይነን መቐለ፣ ኣላማጣ፣ ኮረም፣ ማይጨው፣ ዓብዩ ዓዲ፣ ዉቅሮ፣ ዓዲ ግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ ሽረ፣ ሽራሮ፣ ሑመራ እየን።

14. **ገዛ፥** ማለት ኣብ ከተማ ወይ ኣብ መስፋሕፍሒ ከባቢ ንመንበሪ፤ንንግዲ፤ንማሕበራዊ ወይ ንዝኾነ ካሊእ ግልጋሎት ዝተሰርሐ ወይ ኣብ ምስራሕ ዝርከብ ዝኾነ ሕጋዊ ወይ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ፍቓድ ህንፀት ተዋሂብዎ ፤ዝተኸየደ ህንፀት እዩ።

15. **"ሰራሕተኛ መንግስቲ"** ኣብዚ መምርሒ ዝተወሃቦ ትርጉም ኣብ ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ሰራሕተኛ መንግስቲ ቁፅሪ 189/2003 ዝተቐመጠ ትርጉም ማለት "ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ብቐዋሚ ዝሰርሕ ሰብ" ዝብል ከም ዘለዎ ኮይኑ ብሽመት ዝምደብ መራሒ ስራሕ፣ ዳያኑን ዓቀብቲ ሕግን፣ ኣባላት ህዝባዊ ፖሊስ፣ ካልኦት ብፍሉይ ደንቢ ዝመሓደሩን ኣብ ናይ ልምዓት ትካላት ብቐዋሚ ተቖፂሩ እናሰርሐ ዝርከብ ሰብ እዩ።

16. **ኣብ ልምዓት ትካላት ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት** ማለት ኣብታ ሀገር ይኩን ክልል ፍሉይ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ረብሓ ከምዕኡ ዝክእሉ ዓበይቲ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ትካላት ዝተቖፀሩ ቀወምቲ ሰራሕተኛታት ኮይኖም ንትካላት ባንኪ ፣ ኢንዳስትሪ፣ ትምህርቲን ጥዕናን የጠቓልል።

17. **"ኣካል ጉዱእ"** ማለት ብሕጊ ተቐባልነት ዘለዎ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ናይ ኣካል ጉድኣት ኮይኑ ብተፈጥሮ ወይ ሰብ ሰራሕ ብዝኾነ ሓደጋ ምኽንያት ብኽፋል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምንቅስቓስ ወይ ናይ ምርኣይ ወይ እውን ናይ ምስማዕ ብተፈጥሮ ፀገም ክሰርሖም ዝግባእ መደበኛ ስራሕቲ ምስራሕ ዘይከኣለ ተሪፉ ብካሊእ ኣካል ወይ ድጋፍ ወሃቢ መሳርሒ ዝጥቀም ሰብ እዩ።

18. **"ቕጥዒ'** ማለት ኣብዚ መምርሒ ጠለብ ኣባይቲ መግለፅን ኣድለይቲ ዝኾኑ መጠይቓት ሒዙ ተመዝጋቢ መሊኡ ትክክል ምዃኑ ኣረጋጊፁ ውዕሊ ዝኣትወሉ ሰነድ እዩ።

## ዓንቀፅ3. ወሰን ተፈፃምነት

እዚ መምርሒ ኩለን ዓሰርተ ክልተ ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን።

**ዓንቀፅ4. አገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ መምርሒ ውሽጢ

4.1. ብተባዕታይ ፆታ ዝተደንገገ ናይ ኣንስተይቲ ፆታ እውን የካትት እዩ።

4.2. ብነፀላ ንሓደ ኣካል ወይ ሰብ ዝተገለፀ ንብዙሓት ኣካላት ወይ ሰባት እውን ዝምልከት ይኸውን፤

## ክፍሊ ክልተ

**ዕላማን መትከላትን ዓርሰ ሓገዝ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር**

**ዓንቀፅ5. ዓላማ**

ናይ'ዚ መምርሒ ቀንዲ ዕላማታት፦

5.1 ኣብ ክልልና ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ትገራይ ዝነብሩ ደለይቲ ገዛ ኣሳታፊ፤ ግልፅን ኣብ ኣሰራርሓ ዝተመስረተ ክኸውን ምግባር

5.2 በዚ ኣቢልካ ድማ ኣብ ሞንጎ ዜጋታት ፍትሓዊ ዝኾነ ሃፍቲ ክፍፍል ክህሉ ንምግባር፣

5.3 ትሑትን ማእኸላይን እቶት ዘለዎም ናይ ሕብረተሰብ ክፍልታት ካብ ኣታዊኦም ብምቑጣብ/ምዕቋር መሰረት ብምግባር ዘለዎም ናይ መንበሪ ፀገም ንክቕረፍ ንምግባር እዩ።

5.4 መሬት ቆጣቢ ብዝኾነ መንገዲ ብዝነኣሰ ዋጋ ግቡእ ግልጋሎት ክህቡ ዝክእሉ መንበሪ ኣባይቲ ዜጋታት ተደጋጊፎም ክሃንፁ ምግባር

**ዓንቀፅ6. መትከላት**

ኣወዳድባ ደለይቲ መንበሪ ገዛ ዝስዕቡ መትከላት መሰረት ብምግባር ዝፍፀም ይኸውን።

6.1 ደለይቲ መንበሪ ገዛ ሕብረተሰብ ክከም ኣታዊ መጠኑን ዓቅሙን ክሳተፍ ዝኽእለሉ ኣማራፂታት ስርዓት ብምኽታል፣

6.2 ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ፍትሓዊን ደረጅኡ ዝሓለወ ኣወዳድባ ንምክያድ ዘኽእል ስርዓት ምዝርጋሕ፣

6.3 ደለይቲ መንበሪ ገዛ ንሕብረተሰብ ተበፃሒ ንክኸውን ምግባር፣

6.4 ሕብረተሰብ ብዛዕባ ኣካይዳ እቲ ፕሮግራም ግለፂ ሓበሬታ ንክበፅሖ ናይ ምግባር ኣካይዳ ምኽታል፣

6.5 ተመዝገብቲ ምስ ባንኪ ወይ ምስ ዕቋር ትካላት ምትእስሳር ናይ ምዕቋር/ምቁጣብ ባህሊ ንኸዓቢ ዝገብር ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ናይ ኣወዳድባ ኣፈፃፅማ ስነ-ስርዓት ዝምልከት

### ዓንቀፅ 7. ኩሎም ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ደለይቲ ገዛ ክውደቡ እንትመፁ

### 7.1. ነበርቲ ከተማ ከማልእዎም ዝግባእ

ዝኾነ ነባሪ እታ ከተማ ንምዝገባ እንትቐርብ እዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት ከማልእ ይግባእ፤

ሀ. ዕድሚኡ18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኮነ ኢትዮጵያዊ ዜጋ ክኸውን ይግባእ፤

ለ. ንተኸታተልቲ ክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ኣብቲ ከተማ ዝነበረ ን ዝነብር ዘሎን ምኳኑ ዘረጋግፅ ዝተሓደሰ ናይ ነባርነት መለለይ መንነት ብኣካል ሒዙ ክቐርብ ኣለዎ፤

ሐ. እቲ ዝውደብ ሰብ ብባዕሉ ወይ ብሽም በዓልቲ ሓዳሩ ኣብ ውሽጢ ዝምዝገበሉ ከተማ ይኩን ካልኦት ከተማታት ትግራይ መንበሪ ገዛ ፣ ናይ መንበሪ መስርሒ ቦታ ዘይብሉ ፣ ቕድሚ ሕዚ ናይ ሓባር ኣባይቲ /ኮንዶሚኒዩም/ ዕጫ ተጠቃሚ ዘይኮነ ኽኸውን ኣለዎ፤

መ. ካብዚኦም ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ሀ/ለ/ሐ ዝተጠቐሱ ዘይግበኦ ኮይኑ እንተተረኺቡ ዝበፅሖ ገዛ ከም ዝሕደግን ብሕጊ ከም ዝጥየቕን ብፌርሙኡ ብምርግጋፅ ግቡእ/ውዕሊ ክኣትው ዝኽእል፣

ረ. ካብ ሓደ ንላዕሊ ማሕበር ብባዕሉ /ላ ይኩን ብባዓልቲ ሓዳሩ/ራ ዘይተመዝገበ

ሰ. ኣብቲ ዝውደበሉ ከተማ ነባሪ ኮይኑ ነገር ግን ንልዕሊ ሓደ ዓመት ብምክንያት ከቢድ ሕማም ብሕክምና ካብቲ ከተማ ወፃኢ ዝፀንሐ ነባሪ ኣብቲ ቦታ ክሳብ ክንደይ እዋን ከም ዝፀነሐ ወይ ከም ዝፀንሕ ብዝርዝር ሕጋዊ መረዳእታ እንተቕሪቡ ንምውዳብ ብቑዕ ይኸውን፣

### 7.2. ኣብ ናይ መንግስቲ ን ናይ ልምዓት ትካላትን ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት ኣወዳድባ ዝምልከት፥

ሀ. ኣብታ ከተማ ዝርከባ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ይኩና ናይ ልምዓት ትካላት ብቐዋሚነት ተቖፂሩ እናሰርሐ ዝርከብ ሰብ ክከውን ኣለዎ።

ለ. ኣብቲ ዝዉደብሉ እዋን ግዜ ዘይሓለፎ ቀዋሚ ሰራሕተታኛ ምካኑ ብግልፂ ዝሕብር ብላዕለዋይ ሓላፊ ዝተፈረመ ብኣድራሻ ናብ ወዳቢ ኣካል ዝተፅሓፈ ድጋፍ ደብዳቤ ክቕርብ ኣለዎ።

ሐ. ኣብቲ ዝውደበሉ ከተማ ዝርከብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ወይ ልምዓት ትካል ኮይኑ ነገር ግን ንልዕሊ ሓደ ዓመት ብምኽንያት ትምህርቲ ዕድል ወይ ብሕክምና ካብቲ ከተማ ወፃኢ ዝነበረ ኣብቲ ቦታ ክሳብ ክንደይ እዋን/ግዜ ከም ዝፀነሐ ወይ ከም ዘፅንሖ ብዝርዝር ሕጋዊ መረዳእታ እንተቕሪቡ ካብቲ ስራሕ ዘይለቐቐ ምካኑ እንተቕሪቡ ንምውዳብ ብቑዕ ይኾውን፣

መ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 7.2/ሀ/ለ/ሐ ዝተገለፁ መረዳእታታት ዘቕረበ ሰብ ኣብታ ከተማ ንክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ዝፀንሐ ምካኑ ናይ ምቕራብ ግዴታ የብሉን።

ረ. ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ንኽውደብ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ኣብታ ከተማ ብባዕሉ ወይ ብዓልቲ ሓዳሩ/ራ ናይ መንበሪ ገዛ ዘይብሎም ምካኖም ውዕሊ ክፍፅሙ ኣለዎም

ሰ. ዝኮነ ሰራሕተኛ በዚ መምርሒ ኣብ ሓንቲ ከተማ ጥራሕ ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎ።

ሸ. ብኣካል ምቕራብ ዘይከኣለ ሰራሕተኛ መንግስቲ እንተኾይኑ ዝሰርሐሉ ቤት ዕዮ ላዕለዋይ ሓላፊ ብዝፈልጦን ብዘረጋግፆን መእመኒ ምኽንያት በቲ ትካል ሓላፊነት ብውክልና ክምዝገብ ይኽእል።

ቀ. ማእከሎም ኣብታ ከተማ ዝኮኑ ናይ ፌደራል ፥ ክልል፥ ዞባ ን ወረዳን ናይ መንግስቲ ትካላትን ናይ ልምዓት ትካላትን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብቀዋምነት ኣብታ ከተማ ንክሰርሑ ዝተመደቡ ምካኖም ካብ ዋና እቲ ቤት ዕዮ መረጋገፂ ድጋፍ ከቕርቡ ኣለዎም

## 7.3. ኣብ ምክልኻል ሃገር፤ ፌደራል ፖሊስ ሰራዊትን ፍሉይ ሓይሊን ዝተዋፈሩ ኣወዳድባ ዝምልከት፥

ሀ. ኣብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ተዋፊሮም ኣብ ምስራሕ ዝርከቡ ኣካላት ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ክውደቡ ይክእሉ እዮም።

ለ. መከላኸሊ ሰራዊት፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ንኽውደቡ ኣባላት ምክልኻል ሰራዊት ምዃኖም ካብ ዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ምክልኻል ሰራዊት ወይድማ ካብ ፌደራል ፖሊስ ኣብቲ ዝዉደብሉ እዋን ጊዜ ዘይሓለፎ ብላዕለዋይ ሓላፊ ዝተፈረመ ብኣድራሻ ናብታ ዝውደበላ ከተማ ድጋፍ ደብዳቤ ከቕርቡ ኣለዎም።

ሐ. መከላኸሊ ሰራዊትን ፌደራልፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ንበይኖም ወይድማ ምስ ካልኦት ነበርቲ ክዉደቡ ዝኽእሉ ኮይኖም ካብ ሓደ ግዜን ሓደ ቦታን ንላዕሊ ዕድል ክፍቀድ ኣይኽእልን።

መ. መከላኸሊ ሰራዊት፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ንኸዉደቡ ኣብ ኩለን ከተማታት ትግራይ ብባዕሉ ወይ ብዓልቲ ሓዳሩ/ራ መንበሪ ገዛ ዘይብሎም ምካኑ ውዕሊ ክፍፅሙ ኣለዎም

ረ. መከላኸሊ ሰራዊት፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ኣብ ዝመረፅዋ ሓንቲ ከተማ ትግራይ ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎም

**7.4. ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ኢትዮጵያዉያንን ትዉልደ ኢትዮጵያዉያንን (Diaspora) ተወዲቦም መስርሒ ቦታ ከተማ ዝረኽብሉ ኣገባብ፥**

**ኣወዳድባን ወዳቢ ኣካልን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ህንፀት መንበሪ ገዛ ዲያስፖራ፥**

ሀ. ኣብ ወፃኢ ዝነበሩ ኢትዮጵያዊያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን ብኢፌድሪ ሚስዮንናት ተመዲቦም/ተቖፂሮም ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ዲፓሎማትን ከምኡ እውን ተመለስቲ ኣባላት ዲያስፓራን ተፈፃሚ ይኸውን።

ለ. ኣብዚ ዓርሰ ምትሕግጋዝ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ህንፀት መንበሪ ገዛ ዲያስፖራ ብኤምባሲታትን ሚስዮናትን ይዉደቡ።

ሐ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ሀን ለን ዝተገለፁ ኣካላት ኣብ ዝመረፅዎ ከተማ በዚ መምርሒ ዝተፈቐደ ዓይነት ኣተዓዳድላ ቦታ መንበሪ ህንፃ ካሃንፁ ይክእሉ

መ. ካብ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ዲያስፖራ ኣብ መንበሪ ገዛ ናይ ዝተወደበሉ ብደብዳቤ መረዳእታ ክቐርቡ ኣለዎም።

ረ. ናይዚ ገዛ ማሕበር ተጠቀምቲ ክኮና ዝክእላ ማሕበራት መሬት ንኽርከባ ንጠቕላላ ህንፀት ዘወድእ መጠን ገንዘብ ኣብ ዕፁዉ ባንኪ ሒሳብ ዘቐመጣ ምዃነን መረጋገፂ ክቐርባ ኣለወን

## ክፍሊ ኣርባዕተ

### ዕንቀፅ 8. ስፍሓት ቦታ፤ ዓይነት ህንፃ፤ ግምትን በዝሒ ኣባላትን ዝምልከት

**8.1. ቦታ ስፍሓት ዝምልከት፥**

ሀ. ኣብ ዓበይቲ ከተማታት መቐለ፣ ኣላማጣ፣ ኮረም፣ ማይጨው፣ ዓብዪ ዓዲ፣ ዉቅሮ፣ ዓዲ ግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ ሽረ ዝወሃብ ህንፃ ዝዓርፎ ናይ ሓባር ህንፃ ስፍሓት ንሓደ 20

/ዒስራ/ ኣባላት ዝሓዘ ማሕበር ዝወሃብ ስፍሓት ቦታ *1400* /ሓደ ሽሕን ኣርባዕተ ሚኢትን/ ትርብዒት ሜትሮ ይከውን፤

ለ. ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ሽራሮ ን ሑመራን ንሓደ *16* / ዓሰርተ ሽዱሽተ/ ኣባላት ዝሓዘ ማሕበር ዝፍቀድ ህንፃ ዝዓርፎ ናይ ሓባር ህንፃ ስፍሓት ቦታ *1600*/ሓደ ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን/ ትርብዒት ሜትሮ ይከውን፤

ሐ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ሀን ለን ከምዘሎ ኮይኑ ሕድሕድ ብሎክ ናይ ሓባር ህንፃ ካብ መንገዲ /set back/ ክልተ ሜትሮ ሪሒቑ ክህነፅ ኣለዎ፤

## 8.2. ዓይነት ህንፃ ዝምልከት፥

ሀ. ኣብ ኩለን 12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ኣብ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝስራሕ ህንፃ በዓል ሓደ ደብሪ /Modern Town House/ ይኸውን፤

ለ. ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህልዉ ኣባላት ነንሕድሕዶም ኣብ መሬትን ላዕለዋይ ደብሪን ናይ ባዕሎም ገዛ ይህልዎም

ሐ. ዝስራሕ ህንፃ ንሕድሕድ ማሕበር ዝህልዎ ናይ መንበሪ ግልጋሎት ኣብ ታሕተዋይ ደብሪ /መሬት/ Ground Floor/ ሳሎን ምስ መመገቢ ፥ ክሽነ፥ ሽንት ቤትን መደያየብን ኮይኑ ኣብ ላዕለዋይ ደብሪ/Upper Floor/ ሰለስተ መደቀሲ ን ሽንትቤትን ይህልዎ።

መ. ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ መዋቕር ይኩን ደጋዊ ገፅታ ማለት ቀለም ን ሓፁርን ሓዊሱ ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ ዝዛዘም ተነፃፂልካ ምስራሕ ኣይፍቀድን።

ረ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ መ ከምዘሎ ኮይኑ ናይ ውሽጣዊ ምዝዛም ስራሕቲ ግና ብውልቀ ዝፍፀም ይከውን

ሰ. ሕድሕድ ኣባል እቲ ማሕበር ኣብቲ ህንፃ ይኩን መሬት ማዕረ ብፅሒት ይህልዎም

ሸ. ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ ህንፃ ጠቕላላ መዋቕሩ ይኩን ደጋዊ ገፅትኡ ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ ዝዉዳእ ተመሳሳሊ ዲዛይን ይኸውን።

ቀ. ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ ደጋዊ ገፅታ ማለት ቀለም ን ሓፁርን ሓዊሱ ሙሉእ ብሙሉእ ተመሳሳሊ ይከውን

ቐ. ማሕበራት ዘስርሕኦ ህንፃ ቢሮ ልምዓት ከተማን ንግዲ ኢንዳስትሪን ዘዳለዎ ወይ ድማ ብግሊ ኣማከርቲ ተሰሪሑ ብቢሮ ልምዓት ከተማን ንግዲ ኢንዳስትሪን ተቐባልነት ዝረከበ ዲዛይን ጥራሕ ይከውን

## 8.3. ግምት ህንፃ ዝምልከት፥

ሀ. ኣብ ኩለን 12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ንሓደ ኣባል ዝበፅሖ ገዛ በዓል ሰለስተ መደቀሲ ኮይኑ ግምቱ ነንሕድሕዱ 240,000 (ክልተ ሚኢቲን ኣርብዓን ሽሕ ቅርሺ) ይኸዉን፤

ለ. ምስ ባንኪ ልቓሕ ምትእስሳር ከይገበሩ ዝሰርሑ ማሕበራት ሕድሕድ ኣባል 20% ኣብ ዕፁው ባንኪ ኣጠራቒሙ ሕጋዊ ናይ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ መንበሪ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ኣፍልጦ መለለይ/ሰርቲፊኬት/ ብምርካብ፤ኣፍልጦ ምስረኸበ ድማ **30%** ወሲኹ ጠቅላላ *50% ብር 120000/ሚኢቲን ዕስራን ሽሕ/* ኣብ ዕፁው ባንኪ ወይ ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ ክዓቁር ዝኽኣል/ት ማሕበር ቦታ ይወሃብ፤

ሐ. እቲ ማሕበር ምስ ባንኪ ወይ ትካላት ልቓሕን ዕቋርን ናይ ልቓሕ ምትእስሳር ዝገብር እንተኮይኑ ምስቲ ባንኪ ወይ ትካል ልቓሕን ዕቋርን ዝገብሮ ስምምዕነት ኮይኑ ናይቲ ግምት ***50* ሚኢታዊ ን** ዘይነኣሰ ብስም እቲ ማሕበር ኣብ ዕፅው ባንኪ ዝዓቖረ ምካኑ መረጋገፂ ደብዳቤ ክቕርቡ ኣለዎም።

## 8.4. ኣብ ሓደ ማሕበር ክህልዉ ዝግባእ በዝሒ ኣባላት፣

ሀ. ኣብ ዓበይቲ ከተማታት መቐለ፣ ኣላማጣ፣ ኮረም፣ ማይጨው፣ ዓብዩ ዓዲ፣ ዉቅሮ፣ ዓዲ ግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ ሽረ ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ በዝሒ ኣባል 20 /ዒስራ/ ይከውን፤

ለ. ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ሽራሮ ን ሑመራን ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ በዝሒ ኣባል 16 /ዓሰርተ ሽዱሽተ / ይከውን

ሐ. ኣብ ሓደ ማሕበር ክህሉ ዝግበኦ ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተቐመጠ በዝሒ ኣባላት እንተዘይመሊኡ እቲ ቦታ ክወሃብ የብሉን

### ክፍሊ ሓሙሽተ

### ዓንቀፅ 9. ኣገባብ ኣተዓዳድላ መሬት ዝምልከት፥

### 9.1. መሬት ዝምልከት

ሀ. ከተማታት ነዚ ዕላማ ዝኸዉን ቦታ መሪፀን ናይቶም ዝህነፁ ብሎካት ኣቀማምጣን ሰፈር ልምዓት ዲዛይንን ክዳልዋ ኣለወን፤

ለ. ንዚ ዕላማ ዝተዳለወ ንውልቀን ናይ ሓባር መጥቀምን ዝውዕል መሬት ማሕበራት ንሕርሻ ተንከፍ ዝኸፈል ካሕሳ ክሽፍና ኣለወን፤

ሐ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል ለ ዝተሓበረ ካሕሳ ዝወፀ ወፃኢ ነንሕድሕድ ኣባል ዝከፍሎ ካሕሳ ኣብ መቐለ 5000 /ሓሙሽተ ሽሕ/ ብር ኣብ ካልኦት ከተማታት ግና 4000

/ኣርባዕተ ሽሕ / ኮይኑ መንግስቲ ኣባላት ዘውፅእዎ ናይ ካሕሳ ወፃኢ ዲዛይንን ካልኦት ምምሕዳራዊ ግልጋሎትን ብምሽፋን ዘከሓሕሰሎም ይከውን፤

መ. ንህንፃ ካሕሳ ዝወፀ ወፃኢ እንተሃልዩ ከተማታት ባዕሎም ይሸፍኑ፤

ረ. በዚ መምርሒ ኣማሊኦን ዝመፃ ማሕበራት ዝተዳለወለን ቦታ ብውሳነ ካብኔ ከተማ ክወሃበን ኣለዎ፤

## 9.2. ብቐዳምነት ዝተኣናገዱ ሕብረት ስራሕመንበሪ ገዛ፤

ሀ. ኩሉ ረቛሒ ኣማሊኦን ዝመፃ ማሕበራት ከከም ኣመፃፅኦአን ቕደም ሰዓብ ዝተኣናገዳ ይኮና

ለ.ናይዚ መምርሒ ኣወዳድባ ረቛሒ ዘማልኣ ማሕበራት በዝሐን ካብቲ ዝተዳለወ መሬት ንላዕሊ እንተኮይኑ በዝሒ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣነስትዮ ወይ ኣካል ጉዱኣት 30 ፐርሰንትን ልዕሊኡን ዝሓቑፉ ማሕበራት ቅድሚት ይተኣናገዳ፣

ሐ. ኣብ ፊደል ለ ዝተገለፁ ረቑሓታት ዘማልኣ  ማሕበራት ምስተኣናገዳ ዝተረፉ ብዕፃ ተፈልየን  ብቕደም ሰዓብ ክተኣናገዳ ይግበር፤

መ. ብዕፃ ተፈልየን ቦታ ዝዕደላ ማሕበራት ኣገባብ ኣተዓዳድላ ቦታ (ሳይት) ብዕፃ ይኸዉን።

## 9.3. ኣገባብ ኣተዓዳድላ ቕደም ተከተል

ሀ. ማሕበራት ካብ ወዳቢ ኣካል ዝተውሃቦም ሰርተፍኬትን ኣብ ዕፁው ባንኪ ብስም እቲ ማሕበር  ዝተቐመጠ ገንዘብን ዘሎ ምካኑ ተረጋጊፁ ናይ ቦታ ምዝገባ ይካየድ

ለ. ኣማሊኦም ዝቐረቡ ማሕበራት ብሕድሕድ ኣባል ተሰሊሑ ናይ ጠቕላላ ኣባል ብፅሒት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 9.1 ፊደል ሐ ዝተቐመጠ ካሕሳ ኣታዊ ክገብሩ ይግበር ነዚ መረጋገፂ ናይ ክፍሊት ደረሰይ ከቕርቡ ኣለዎም።

ሐ. ብመሰረት ዓንቀፅ 9.2. ተፈልዮም ዝተኣናገዱ ኣካላት ብካብኔ ክፀድቕ ይግበር

መ. ማሕበራት ዝተዳለወ ናይ ገዛ ዲዛይን /Typology/ መሪፆም የቕርቡ

ረ. ብመሰረት ዝተዳለወ ዲዛይን ኣፍቲ ዝተፈቐደ ቦታ ናይ ህንፀት ውዕሊ ቐሪቦም ክፍርሙ ይግበር

ሰ. ቤት ማዘጋጃ ነቲ ውዕሊ ዝኣሰርሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ከረክብን ህንፀት ፍቓድ ክወሃቦምን ኣለዎ።

ሸ. ዝኾነ ይኩን ማሕበር ዝተፈቐደሉ ህንፃ ዲዛይን ብስም እቲ ማሕበር ኣፅዲቑ ህንፀት ክካይድ ኣለዎ።

ቀ. ዝኾነ ይኩን ማሕበር ድሕሪ ቦታ ምርካቡ ናይ ህንፃ ዲዛይን ክቕይር ኣይኽእልን

9.4. ምልቃቕ ካብ ዕፁዉ ባንኪ፣ ዝተዓቖረ ገንዘብ ዝምልከት፥

ሀ. ኣብ ዕፁዉ ባንኪ ሒሳብ ካብ ዝተቐመጠ ጠቕላላ መጠን ገንዘብ ዝልቀቕ ገንዘብ ሰማንያ ሚኢታዊ (80%) ቦታ ተረኪቦም ዉዕሊ ምስ ኣሰሩ ዒስራ ሚኢታዊ (20%) ናይ መዋቕርን ደጋዊ መዛዘሚን ህንፀት እንተጠናቐቑ ይኸዉን፤

ለ. ምስ ባንኪ ልቓሕ ዝተኣሳሰሩ ማሕበራት መጀመርያ ቦታ ምስተረከቡ ዝልቀቕ መጠን ገንዘብ ብመሰረት ምስቲ ባንኪ ዝገበርዎ ስምምዕነት ኮይኑ ዒስራ ሚኢታዊ (20%) ግና ናይ መዋቕርን ደጋዊ መዛዘሚን ህንፀት እንተጠናቐቑ ይኸዉን፤

9.5. ምርካብ ዉልቀ ካርታ፣

ሀ. ኣብ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝሰርሑ ማሕበራት ንሕድሕድ ኣባል ማሕበር ክፍፍል ብዕሒት ገዛ ዘካይዳ ጠቕላላ ናይ መዋቕር ን ናሕሲን ከምኡ እዉን ደጋዊ ገፅታ ህንፀት ምስተዛዘመ ኮይኑ ክፍፍል ገዛ ምስ ኣካየዱ ትሕዝቶ መረጋገፂ ካርታ ንሕድሕድ ኣባል ክበፅሖ ይግበር፤

ለ. ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ክፍፍል ብዕሒት ገዛ ምስ ኣካየደ ናይ ውሽጢ ገዝኡ /ብዕሒቱ/ ናይ ውሽጢ ገፅታን መከፋፈሊን ክሃንፅ ዝክእል ኮይኑ እቲ ማሕበር ግና ብናይ ሓባር ደንቢ ዝቕፅል ይከውን፤

ሐ. ማሕበር ህንፀት ምስ ዛዘመ ክፍፍል ከካይድ ኣብ ዝክእለሉ ደረጃ ምብፅሑ ናብ ቤት ማዘጋጃ መሬት ዘማሓድር ኣካል ኣመልኪቱ ብፅሑፍ መረጋገፂ ምስ ረከበ ብዕፃ ክፍለዩ ይግበር።

መ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 9.4. ፊደል ሀ-ሐ ካብ ዝተገለፀ ኣገባብ ወፃኢ ኣብ መንጎ ኣባላት ማሕበር ነናይ ባዕሎም ብዕሒት ክፍፍል ክግበር ኣይክእልን።

9.6. ናብ ሳልሳይ ወገን ብዛዕባ ምዝዋርን ብካፒታል ኣስተዋፅኦ ምትሓዝን፣

ሀ. ናይ ዝኮነ ኣባል ብዘይካ ውርሲ ህንፀቱ ሙሉእ ብሙሉእ ከይተዛዘመ ናብ ሳልሳይ ወገን ምትሕልላፍ ኣይፍቀድን

ለ. ዝኮነ ማሕበር መሬት ምስተረከበ ብስም እቲ ማሕበር ብባንኪ ወይ ማይክሮ ፋይናንስ ብካፒታል ኣስተዋፅኦ ከትሕዝ ይክእል

ሐ. ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ናይ ውልቀ ካርታ ምስ ሓዙ ትሕዝተኦም ብካፒታል ኣስተዋፅኦ ናይ ምትሓዝን ናብ ሳልሳይ ወገን ምዝዋርን መሰል ኣለዎም

መ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል ለ ን ሐ ከምዘሎ ሕልው ኮይኑ ዝኮነ ይኩን ኣባል ትሕዝትኡ ናብ ሳልሳይ ወገን እንተዛውር ካብቲ ማሕበር ኣመራርሓ ክሊራንስ ክረክብ ኣለዎ

ረ. ዝኮነ ኣባል ማሕበር ዘይግበኦ ኮይኑ እንትርከብን ናይ ምጥቃም መሰሉ ክሕደግ እንትውሰንን ዝትካእ ኣካል በዚ መምርሒ ኣገባብ ኣወዳድብኡ ዘማለአ እንትከውን ይከውን

## 9.7. ኣከፋፍላ ሊዝ መሬትን ዉዕልን ዝምልከት

ሀ. ኣብዚ ማሕበር ተወዲቦም መንበሪ ኣባይቲ ንዝሃንፁ ዝወሃቡ ቦታታት ናይ ካሕሳን መሰረተልምዓትን ወፃኢ ጥራሕ ማእኸል ዝገበረ ሓዱሽ መበገሲ ዋጋ ሊዝ ከውፅአ ዝግበር ኮይኑ ካብቲ ዝነበረ ዋጋ ዝተሓተ ክኸዉን ይግባእ፤

ለ. ሕድሕድ ኣባል እቲ ቦታ ዝፍቀደሉ ብ ናይቲ ከባቢ መበገሲ ዋጋ ሊዝ ይከውን ፤

ሐ. ዋጋ ሊዝ መሬት ምኽፋል ዝጅምር ናይ ዉልቀ ካርታ እንትሕዝ ኮይኑ እቲ ማሕበር ቦታ ካብ ዝተረከበሉ ክልተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሒን ክበልፅ የብሉን

መ. ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ዉዕሊ ሊዝ እንትፍፅም ቅድመ ክፍሊት 10 /ዓሰርተ/ ሚኢታዊ ክኸፍሉ ይግበር፤

ረ. ሕድሕድ ኣባላት ማሕበር ውልቀ ካርታ እንትሕዙ ዉዕሊ ሊዝ መሬት ዝፍፅሙ ኮይኖም ኣብ ደንቢ ሊዝ ዝተቐመጠ ሊዝ ዘበን ይኸዉን፤

ሰ. ዘበን መሬት ሊዝ ከተማ ምሕሳብ ዝጅምር ማሕበራት ቦታ ካብ ዝተረከብሉ እዋን ክፍሊት ዝጅመር ግና ዉልቀ ካርታ ካብ ዝሓዝሉ እዋን ጀሚሩ ኮይኑ ኣብ መምርሒ ሊዝ ዝተቐመጠ መክፈሊ እዋን ተሰሊሑ ይከውን፤

## ክፍሊ ሽዱሽተ

## ምፅራይ፣ ምውራስን

### ዓንቀፅ 10. ምፅራይ ምዝገባ

ሀ. ወዳቢ ኣካል ብናይ ባዕሉ ተበግሶ መረዳእታ ናይቲ ምምሕዳር ከተማ ተጠቒሙ ወይ ድማ ብዝተፈለየ መንገዲ ናይ ተመዝገብቲ መረዳእታታት ሓቃውነት ከረጋግፅን ስሕተት ኣብዝተረኸበሉ'ም ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ ።

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተገለፀ ከምዘሎ ኮይኑ ሕድሕድ ማሕበር ካብ ዝተወደብሉ ጊዜ ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልትታት እቲ ናይ ምዝገባ ህዝቢ ክፈልጦን ዘድሊ ሓበሬታ

ክህብን ሓጋዚ ብመርበብ ሓበሬታ፤ ጋዜጣ ወይ ብካልኦት ናይ ከባቢ መራኸብቲ ማዕኸናትን ብቢክፍለ ከተምኡን/ጣብያታቱን ህዝቢ ብበዝሒ ብዝእከበሉ'ም ኣደባባያት ግልጺ ክግበር ይክእል።

**ሐ.** ብዝቀርቡ ጥቆማታት መሰረት ወዳቢ ኣካል ሽግር ክህሉ ይኽእል እዩ ኢሉ እንተኣሚኑሉ ስሕተት ኣለዎም ኣብ ዝተበሃሉ ጉዳያት ምዕራይ ክገብርን ስሕተት ኮይኑ እንተረኺብዎ ስጉምቲን እርማትን ክገብር ይኽእል እዩ።

## ክፍሊ ሽዱሽተ

## ክልከላ

### ዓንቀፅ 11. ዝተከልከሉ ተግባራት

**ሀ.** ሓደ ተጠቃሚ ካብ ካብ ሓደ ማሕበር ንላዕሊ ክውደብ ኣይኽእልን፤

**ለ.** ሰብኣይን ሰበይትን ነኒበይኖም ክውደቡ ኣይኽእሉን፤

**ሐ.** ዝኾነ ሰብ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ብባዕሉ ኮነ ብሞግዚቱ ክውደብ ኣይኽእልን፤

**መ.** ብባዕሉ ወይድማ ብባዕልቲ ገዝኡ ሽም ኣብቲ ክልል/ምምሕዳር ከተማ ብዘይካ ውርሲ ብዝኾነ ይኩን ኣጋባብ ዝረከቦ መንበሪ ገዛ ወይ መስርሒ ገዛ ቦታ ዘለዎ ወይ ድማ ቅድሚ ሕዚ ብፕሮግራም ልምዓት ኣባይቲ ተረባሓይ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ክውደብ ኣይኽእልን።

**ረ.** ብዘይካ ኣባላት መከላከሊ ሃገር፣ ፌደራል ፖሊስ፣ዲያስፖራን ብምኽንያት ትምህርቲ ዕድል ናብ ትምህርቲ ዝኣተዉ ቀወምቲ ሰራሕተኛታት መንግስቲን ካብታ ከተማ ወፃኢ ዝነብር ሰብ ክውደብ ኣይኽእልን

**ሰ.** ለውጢ መለለዩ ውልቀ ሽም ሓደ ኣባል ካብ ቤት ፍርዲ ውሳነ/ ካብ ዝምልከቶ ፍትሒ ኣካል ወፃኢ ምቕያር ዝተኸልከለ እዩ።

**ሸ.** ዝኾነ ሰብ ተወሰኽቲ ሰነዳት ብምፍጣር ናይ ነባሪነት መለለዪ ካርዲ ምሃብን ምቕባልን ፈፂሙ ዝተኸልከለ እዩ።

**ቀ.** ዝኾነ ይኩን ማሕበር ካብ ዝተፈቐደሉ ህንፃ ዲዛይን ወፃኢ ምስራሕ ኣይፍቀድን

**ቐ.** ዝኾነ ይኩን ማሕበር ካብ ዝተፈቐደ ናይ ከተማ ዲዛይን ወፀኢ ምህናፅ ኣይፍቀድን

**በ.** ዝኾነ ይኩን ማሕበር ኣባላት እቲ ማሕበር ናይ ምትካእ ወይ ናይ ምቕያር ስልጣን የብሉን

### ዓንቀፅ 12. ብዛዕባ ካብ ማሕበር ምስራዝ

**ሀ.** ዝኾነ ሰብ ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ እንተተወዲቡ ካብ ኩሎም ምዝገባታት ይስረዝ

ለ. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ወይ ብሸለልትነት ዘቕረቦ መረዳእታ ወይ ዝመልኦ ቅጥዒ ዝተጋገየ ወይ ናይ ሓሶት ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ብሕጊ ዝሕተቶ ከም ዘሎ ኮይኑ ካብዘለዎ ማሕበር እውን ይስረዝ።

# ክፍሊ ሸውዓተ

## ተግባርን ሓላፍነትን

**ዓንቀፅ13. ናይ ኣባላት ተግባርን ሓላፍነትን፥**

1. ዝኾነ ይኹን ኣባል ክዉደብ እንተሎ ናብ ማሕበሩ ብኣካል ቀሪቡ ክመልክት ኣለዎ፤
2. ሕድሕድ ኣባል ቦታ ብባዕሉ ይኹን ብባዓልቲ ሓዳሩ ገዛ ይኹን ቦታ ዘይብሉ ወይ ዘይነበሮ ምዃኑ ብኣካል ቀሪቡ ሕጋዊ ዉዕሊ ክኣስር ኣለዎ፤
3. ሕድሕድ ኣባል ብዝወፀ ሕገ ደንቢ ማሕበር ተገዛኢ ክኾን ይግባእ፤
4. ሕድሕድ ኣባል ኣብ ዉሽጢ ማሕበር ዝፍፀሙ ወይ ዝተፈፀሙ ዘይሕጋዊ ስራሕቲ እንተሃልዮም/ከይፍፀሙ ናይ ምክልኻልን ናይ ምጥቋምን ሓላፍነት ኣለዎ፤

**ዓንቀፅ14. ናይ ማሕበራት ሓላፍነት**

1. ተመሳሳሊ ድሌትን ዓቕምን ዘለዎም ኣባላት ናይ ምዉዳብ ሓላፍነት ኣለዎ
2. ሕድሕድ ማሕበር ኣብ ውሽጡ ዘይምልከቶም ኣካላት ከይውደቡ ናይ ምክልካል ሓላፍነት ኣለዎ
3. ሕድሕድ ስራሕቲ ብሰነድን ቃለ ጉባኤን ምሓዝ ብሕጋዊ ኣካል ኣብ ዝሕተተሉ እዋን ሰነድ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለዎ፣
4. ኣባላት ብምዉካል ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ፅሕፈት ፣ ኣብ ባንክን ካልኦት ትካላትን ምፍፃምንኣኼባታት ምስታፍን ሓላፍነት ኣለዎ፣
5. ዝህነፅ ህንፃ ብዝተውሃበ ስታንዳርድን ዲዛይንን ክስራሕ ምግባር

**ዓንቀፅ 15. ናይ ወዳቢ ኣካል ሓላፍነት፥**

1. ኣብዚ መምርሕን ንሕብረት ማሕበር ዝወፁ ሕግታትን ኣማሊኦም ዝመፁ ማሕበራት ምምዝጋብን ኣፍልጦ ምሃብን
2. ብሕጋዊ መንገዲ ዝተወደቡ ማሕበራት ድጋፍ ናብ ዝምልከቶም ዝተፈላለዩ ኣካላት ምሃብ

**ዓንቀፅ 16.ናይ ባንኪን ማይክሮፋይናንስን ሓላፊነት፥**

1. ገንዘብ ኣብ ባንኪ ዘቐመጣ ማሕበራት ፉሉይ ጠመተ ሂቡ ክዓቑራ ምድጋፍ፤

2. ኣብ ባንኪ ዝተዓቖረ ገንዘብ ሓበሬታ ምሃብን ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጠ ኣገባብ ተኸቲሉ ክልቀቕ ምግባርን

**ዓንቀፅ 17. ኣብያተ ማዘጋጃ / ከተማ ልምዓትን ንግዲ ኢንዳስትሪን ሓላፍነት፥**

1. ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጡ ድንጋገታት ተፈፃምነቶም ይከታተል፤
2. ንማሕበራት ሕብረት ስራሕ መንበሪ ገዛ ዝኸወነ መሬት ምድላውን ኣቐዲሙ ኣቀማምጣ ዲዛይን ሰፈር ምድላውን፤
3. ዝወፁ ሕግታት ኣማሊኦመ ዝወፁ ማሕበራት መሬት በዚ መምርሒ ክዐደሉ ምግባር፤

**ክፍሊ ሸሞንተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ18. ናይ ምትሕብባር ግቡእ**

ዝኾነ ይኹን ሰብ ወይ ትካል እዚ መምርሒ ንምፍፃም ናይ ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ19. ቕፅዓት፤**

1. ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብዚ መምርሒ ዝተዘርዘሩ ዓንቀፃት ብምጥሓስ ዝተወደበ ፣ ዘጋገየ ወይ መረዳእታ ዝሃበ፣ ከይዲ ምውዳብ ዝሃወኸ እንተኾይኑ ኣግባብ ብዝለዎ ናይ ፍትሐብሔር ወይ ናይ ወንጀል ሕጊ ተሓታቲ ይኸውን፣
2. ምፍጣር ናይ ሓሰት ሰነዳት፣ ብምልዋጥን ብምጥፋእን ወይ ብዝተጭበርበረ መረዳእታ ዝተመዝገበ እንተኾይኑ ብገበን ሕጊ ይሕተት
3. ኣብ መምርሒ ካብ ዝተደንገገ ወፃኢ ብባዕሉ ወይ በዓልቲ ሓዳሩ ሽም ኣብቲ ከተማ ውሽጢ መንበሪ ገዛ ወይ ናይ መንበሪ መስርሒ ቦታ እናሃለዎ በዚ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ተጠቃሚ ዝኮነ እንተኮይኑ/ና ከምኡ እውን በዚ መምርሒ ዝተከልከሉ ተግባራት ብምትሕልላፍ ጥቅሚ ንምርካብ ወይ ብዘይኣገባብ ንባዕሉ ወይ ንካሊእ ሰብ ንምጥቃም ብምሕሳብ ወይ ብምጭብርባር ወይ ብምትታል መረዳእታ ዝሃበ ዝኾነ ኣካል

ዝተመዝገበን ዝመዝገበን እንተኮይኑ ብገበን ሕጊ ከምኡ እዉን ብኣዋጅ ሊዝ ቁፅሪ 721/2004 ዝተቐመጡ ቕፅዓታት ይሕተት

4. ዝኮነ ይኩን ማሕበር ህንፀቱ ብዝኣተዎ ውዕሊ እንተዘይጀሚሩን እንተዘይኣጠናቒቑን ኣብ ባንኪ ካብ ዝተዓቖረ 20 ሚኢታዊ ገንዘብ ሙሉእ ብሙሉእ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ብምግባር እቲ ቦታ ተመንጢሉ ኣማሊኣ ንዝቐረበት ካሊእ ማሕበር ይመሓላለፍ።
5. እቲ ማሕበር ህንፀት ጀሚሩ ብውዕሉ መሰረት እንተዘይኣጠናቒቑ ብመሰረት መምርሒ ሊዝ እቲ ህንፃ ተገሚቱ እቲ መሬት ናብ ካሊእ ክመሓላለፍ ይግበር
6. ዝኮነ ይኩን ማሕበር ካብቲ ዝተፈቐደ ዲዛይን ይኩን ቦታ ወፃኢ እንተሃኒፁ ብመሰረት ኣዋጅ ሊዝ ከምኡ እዉን ህንፃ ኣዋጅ ተቐፂዑ እቲ ቦታ ኣታዊ ክግበር ይኽእል
7. ዝኮነ ይኩን ማሕበር ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጡ ኣገባባት ከይተከተለ ተጠቃሚ ክከውን ዝገበረ ኣካል ከምኡ እዉን ተጠቃሚ ዝኮነ ማሕበር ብሕጊ ዝሕተት ኮይኑ እቲ ዝተውሃበ ቦታ ናብ መሬት ባንኪ ይምለስ።

## ዓንቀፅ 20፡ዝተሰዓሩን ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታትን

1. ኣብ መምርሒ ሕብረት ስራሕ ማሕበር መንበሪ ኣባይቲ  መሬት ኣመልኪቱ ዝተዳለወ መምርሒ ቑፅሪ 2/2008 ዘለው ድንጋገታት ተፈፃምነቶም ሕልው እዩ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተቐመጠ መምርሒ ወፃኢ ምስ እዚ መምርሒ ዝፃባእ ዝኾነ መምርሒ፣ ልምዳዊ ኣሰራርሓን ኣብዚ መምርሒ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት የብሉን።

## ዓንቀፅ 21፡ መምርሒ ብዛዕባ ምምሕያሽ

እዚ መምርሒ ብቢሮ ልምዓት ከተማ  ንግድን ኢንዱስትሪን ክመሓየሽ ይኽእል እዩ።

### ዓንቀፅ 22፡ እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ መምርሒካብ ሕዳር 22/2009 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀነዐ ይኸውን

ኣምባሳደር ኣዲስኣለም ባሌማ(ዶ/ር)

ምክትል ርእሰ  ምምሕዳርን
ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዱስትሪን
ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ  ትግራይ

## ዝተፈላለዩ ቕጥዕታት

ፎቶ

**ቕጥዒ 001**

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምምሕዳር ከተማ ________________**

**ናይ ዓርሰ ሓገዝ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ሕ/ስ/ማሕበር ንምውዳብ መመዝገቢ ማመልከቻ ቕጥዒ**

**1. ናይ መመልከቲ ኩነታት ፡**

1.1. ሽም__________________________ሽም ናይ ኣቦ__________________________ናይ ኣባሕጎ ሽም__________________________

ፆታ____ የትውልዲ ዘመን /________/_____/___________ ዓ.ም

1.2. ናይ ኣደ ሽም___________________ሽም ናይ ኣደ ኣቦ______________________

ሽም ናይ ኣደ ኣባሕጎ______________________

1.3. ኩነታት ሓዳር፣ ዝተመርዐወ/ወት☐ ዘይተመርዐወ/ወት☐ ብፍትሕ ዝተፈለየ/ት☐ ብሞት ዝተፈለየ/ት☐

- ዝተመርዐወ/ወት እንተኮይኑ/ና ናይ በዓልቲ ሓዳሩ/ራ ሽም ምስ ኣባሕጎ____________ ____________________________________________________________________

1.4 ናይ መመልከቲ መንበሪ ኣድራሻ

- ክፍለ ከተማ/ጣብያ______________________________________
- ቁፅሪ ገዛ_________ናይ ነባርነት መለለይ መንነት ቁፅሪ___________________
- ናይ ገዛ ቁፅሪ ስልኪ_____________ናይ ሞባይል ስልኪ ቁፅሪ________________

1.5 ዝነብረሉ/እትነብረሉ ገዛ ኩነታት ፡- ናይ ቀበሌ ☐ናይ ኪራይ ኣባይቲ☐ ደባል☐ ፅግዕተኛ ☐ናይ ውልቀሰብ ኪራይ ☐ ካሊእ ☐

1.6 ኣመልካቲ ኣብቲ ከተማ ውሽጢ ብተኸታታሊ ዝተቐመጠሉ ዓመት፡__________

1.7 ኣመልካቲ ናይ____________ከተማ ነባሪ ኮይኑ ነገር ግን ብተኸታታሊ ክልተ ዓመት ብስራሕ ወይ ብትምህርቲ ምኽንያት ካብቲ ከተማ ወፃኢ ይነብር ዝነበረ ምኽኑ መረዳእታ እንተሊይዎ ይገለፅ፤_________________________________________________ __________________________________________________________

1.8 ኩነታት ስራሕ፤ ናይ መንግስቲ ቁፃር ☐ መንግስታዊ ዘይኮነ (ናይ ግሊ ተቖፃሪ) ☐ናይ ውልቀ ስራሕ ☐ ካሊእ ☐

1.9 ናይ ስራሕ አድራሻ

- ናይ ቤት ፅዮ ስም________________________________________ ዝርከበሉ ክፍለ ከተማ/ ቀበሌ__________________ስልክ ቁጥር___________________ ፖ.ሣ.ቁ.__________ ኢሜል_______________________________________

1.10 ናይ ኣመልካቲ ጉድኣት ምንቅስቓስ ኣካል ፡- ኣለዎ ☐ የብሉን☐

- ጉድኣት ኣካል እንተሊይዎ ናይቲ ጉድኣት ዓይነት፡ ምንቅስቓስ ኣካል ☐ ናይ ምርኣይ☐ ናይ ኣእምሮ☐ ካሊእ እንተሊዩ ይገለፅ ____________________________ ____________________________________________________________________ _________________/

4.2 ናይ ዕፁው ሒሳብቁጠባ ደብተር ቁፅሪ________________ ቅርንጫፍ ______________

**7. ኣነ ሽመይ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ መመልከቲ ፡-**

7.1. ኣብ ________________ከተማ ውሽጢ ብሽመይ ወይ ብበዓል/ቲ ሓዳረይ ሽም ዝተመዘገበ መንበሪ ገዛ ወይ ናይ ገዛ መስርሒ ቦታ ዘይብለይን ብፕሮግራም ልምዓት ኣባይቲ ቅድሚ ሕዚ ዘይተጠቀምኩ ምኳነይ፤

7.2. ኣብ ________________ከተማ ውሽጢ እንተነኣሰ ንተከታታሊ 2 ዓመት ዝነበርኩን ይነብር ዘለኹን ምኳነይ፤

7.3. ኣነ ይኹን በዓል/ቲ ሓዳረይ እንነብረሉ ኣብ ናይ መንግስቲ ገዛ እንተኮይኑ ነቲ ገዛ ዘማሓድር ኣካል እቲ ቦታ ብማሕበር ካብ ዝተረከብናሉ ጀሚሩ ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ንኽረክብ ፍቓደኛ ምኳነይ፣

7.4. በዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝመላእኹዎን ዝሀብኩዎን መረጋገፂ ስሕተት ኮይኑ እንተተረኺቡ ናይ ምዝገባ ውዕሊዝፈርስ ምኳኑን እቲ ዝተውሃበኒ መሰል ንዝምልከቶ ንምርካብ ፣ ቅድም ኢለ ንዝኸፈልኩዎ ገንዘብ ወለድ ከይተሓሰበ ተሰሊሑ ከም ዝምለሰለይን ብሕጊ መሰረት ተጠያቂ ከም ዝኾንን ብምስምማዕ እዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ሎሚ__ ዕለት_______ዓ.ም ብምምላእ ብፊርማይ የረጋግፅ ።

ሽም ናይ መመልከቲ_________________________________ ፊርማ___________

**ብወዳቢ አካል ዝምላእ**

ናይ ባሕሪ መዝገብ ምዝገባ ቁፅሪ ------------------------------------

| ሰራሕተኛ | ሽም | ፊርማ | ዕለት |
| --- | --- | --- | --- |
| ባሕሪ መዝገብ | መዝጋቢ--------------------- | ------------------- | ------------------- |